Informasjon

- Om oss
- Aktiviteter
- Noen å snakke med
- Hud & Helse
- Vi mener
- Bli medlem
- **For medlemmer**
  - Medlemsfordeler
  - Min side
  - Send oss oppdateringer
  - Tillitsvalgt i PEF
  - **Information in other languages**
    - By language
    - By diagnosis
  - Landsmøtet
  - Likeperson i PEF

Hjem

ሃይድራዴናይትስ ሱፑራቲቫ

English | Українська (Ukrainsk) | Polski | Davvisámegillii (Samisk) | Русский (Russisk) | Español | Af-soomaali | العربية (Arabisk) | **ትግርኛ (Tigrinja)**

ሃይድራዴኒተስ ሱፑራቲቫ (ኤች ኤስ) ሕዱር ነድሪ፡ እንዳተደጋገመ ዝመጽእ ሕማም ቆርበት ኮይኑ፡ ካብ ጽሕጊ ጸጉሪ ዝብገስ ሕዱር ነድሪ ዘስዕብ እዩ።

ኣንዱ ፒ.ዲ.ኢፍ እዚ ይምልከት

ምስሊ፡ @whoisivanna

ብዛዕባ ሃይድራዴኒተስ ሱፑራቲቭ

ሃይድራዴኒተስ ሱፑራቲቫ (ኤች ኤስ) – ፈጺጋ ኢንፌርሳ ተባሂሉ እውን ዝጽዋዕ ሕማም ኮይኑ ሕዱርን ነድሪ ዝፈጥርን መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ጥርዝውና ንፈለማ እዋን ዝጅምር እዩ።

ኤች ኤስ ብቃንዛ ዘለዎ ፈጺጋ፣ ዓሚቕ ፎሊኩላር ናዱላት ፣ ዕንፍሩርን ቁስልን ዝልለ ኮይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ቱሽቱሽ፣ ሽምጢ፣ መቐመጫ፣ ኣብ ትሕቲ ኣጥባት፣ ኣብ ከባቢ መሃንቱስን ኣብ ዕጻፍ ናይ ቆርበትናን ይኸሰት።

ደረጃ ጽንኩርነት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ገለ ሰባት ኣብ ውሑድ ቦታታት ቅልል ዝበለ ምልክታት ክህልዎም ከሎ፡ ገለ ድማ ኣብ ሓያሎ ቦታታት ኣካላት ካብ ማእከላይ ክሳብ ከቢድ ምልክታት ክህልዎም ይኽእል።

ነጸርታ ብሓኪም ኣብ ሕክምናዊ ታሪኽ ናይቲ ሕሙምን ክሊኒካዊ መርመራ ቆርበትን ተመርኩሱ ይግበር። ኣብ መስርሕ እቲ ሕማም ብኢጋኑ ቅኑዕ መርመራ ምግባር በጽሂ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ሕማቐ ኣጋጣሚ ኮይኑ ቅኑዕ መርመራ ንምርካብ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

ጠንቂ ኤች ኤስ

ልክዕ ጠንቂ ኣገባብ ኤችኤስ ምሉእ ብምሉእ ብግቡእ ዳህሳስ ኣይተጉብረሉን፣ እንተኾነ ግን ምናልባት ናይ ሕማም ምክልኻል፣ ሆርሞናዊ፣ ጀነቲካውን ካልኦትን ንዕቢትን ምዕባለን ሕማም ኣገደስቲ ዝኾኑ ረቛሒታት ክህልዉ ይኽእሉ[1] ።

ሽጋራ ምትካኽን መጠኑ ዝሕለፈ ርጉዲን ከም ነቲ ሕማም ዘጋድሱ ረቛሒታት ይቐጸሩ።

ኤች ኤስ ብሰንኪ ረኽሲ ዝመጽእ ኣይኮነን፣ ምስ ድኹም ጽሬት እውን ዝተኣሓዝ ኣይኮነን፣ ተላባዒ ድማ ኣይኮነን!

ምልክታትን ኣቀማምጣን

ዝረኣዩ ምልክታት መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ጸጉርን ጽኩታት ረሃጽን ዝወስድ ቁቦታት ምዕጻው እዩ። ኣብዚ፡ ይፍጽግን እንዳነዝዐ ድማ ይመጉል። ካልኦት ምልክታት ድማ ከም ፈጺጋ ዝመስል ለውጢ ኣብ ቆርበትን ጸሊም ነጥብታትን ክኾኑ ይኽእሉ ። ኤችኤስ መብዛሕትኡ ግዜ ቃንዛ፡ ሕማቐ ጨና ዘለዎ ፈሳሲን በሰላን የስዕብ። እዚ ድማ ብርግጽ ንህይወት እቲ ሕሙም ኣዝዩ ክጽልዎ ይኽእል።

ምስሊ፡ @whoisivanna

ጸታ ነቲ ዝረኣየሉ ቦታ ይጽልዎ። ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕትኡ ግዜ ምልክታት ኣብ ብልዕሶም፡ ኣብ ላዕለዋይ ውሽጣዊ ክፋል ሰለፍ፡ ኣብ ቱሽቱሽ ፡ ኣጥባት፡ መቐመጫ/ወይ ኣብ ስንጥቅ መቐመጫ የጋጥመን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ከም ኣብ መላግቦ የኢጋር፡ ሰለፍ ፡ ቱሽቱሽ ፡ ረቃቒቶ ፡ ከባቢታት መሃንቱስ፡ መቐመጫ/ወይ ስንጥቅ መቐመጫን ዝበዝሐ ግዜ ይጥቅሁ።

ጸታ ብዘየገድስ፡ ንፍሕፍሕን ጸቕጥን ዝተቓልዑ ከባቢታት ኣካላትና ክጽልው ልሙድ እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ከባቢታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ትሕቲ መትሓዚ ወይ ቆቡቶ ዝጥመር ከባቢ፡ ዕጻፍ ናይ ኩብዲ ወይ ቆርበት ክኾኑ ይኽእሉ ።

ጽንኩርነት ናይቲ ህማም ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ገሊኦም ቡብእዋኑ ናብ ካልእ እካላት ሰብነት ዝብዝሕ ፈጺጋ ክህልዎም እንከሎ ገሊኦም ድማ መዓልታዊ ምልክታት ዝረኣዩምን ቡቲ ሕማም ዝያዳ ዝተጠቕሁን፡ ዝዓበየ ደረጃ ነድሪን ዝዓበየ ፈስቱላን ኣለዎም።

ስርዓት ዝትንክፍ ሕማም ። ኤች ኤስ ኣብ ቆርበት ዝረኣ እዩ፣ እቲ ሕዱር ነድሪ ግን ንብዙሓት ኣካላት ዝጸሉ ኮይኑ ኣብቱም ኤች ኤስ ዘለዎም ሕሙማት ካልኦት ሕማማት ብተደጋጋሚ ይረእ፣ እዚኦም ድማ ኣሰነይቲ ሕማማት (comorbidities) ዝበሃሉ እዮም ። ብፍላይ ኤች ኤስ ምስ ምውሳኽ ሓደጋ ሕማም ክሮን ፡ ቁስሊ ቆርበት ፡ ጭንቀትን ኣብ ስርዓት ምሕጾቕ መግቢን ዝተኣሳሰር እዩ ።

ተወሳኺ ኣብነት ምስልታት ናይ ኤች ኤስ እንታይ ከመስል ከም ዝኾነ ኣል: ኣብዚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደርምኔት ጠውቒ

ተርእዮ ኤች ኤስ

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ዓለም ኣስታት 0.4% ብኤችኤስ ይጽለዉ ዝብል ግምት ኣለና ። ። ኣስታት 1% ካብ ህዝቢ ኖርወይ እቲ ነጸርታ ኣለዎ፡ እንተኾነ ግን ሓደ መጽናዕቲ ከም ዘመልከቶ ክሳብ 1.7% ዝበጽሑ ኣብ ዘመን ዕድሚኦም ኤች ኤስ ከም ዘማዕብሉ የርኢ [1, 2] ።

ዕድመን ጸታን ምልክታት ኤች ኤስ መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ዕድመ ንእስነት ወይ ከባቢ 40 ዓመት ዕድመ ይረእ ። ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ብብዝሒ ብኤች ኤስ ይጥቅዓ [1] ።

ምስሊ፡ *ኤችኤስ ኣብ ቱሽቱሽ (ስእሊ ፡ ቶሪ ዮንዳል) ።*

ቅድመ ገምጋምን ሕክምናን

ኤች ኤስ ሕዱር ሕማም እዩ ። እዚ ማለት ድማ ዝፍውሶ ሕክምና የለን ማለት እዩ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ጽቡቕ እዋናት ምስ ዝወሓደ ጥዕናዊ ጸገማት ወይ ድማ ብዘይ ክኸነ ጥዕናዊ ጸገማት ክነብሩሉ ዝኽእሉ ሓያሎ ዓይነታት ሕክምና ኣለዉ ። ምርጫ ሕክምና ኣብቲ እቲ ሕማም ምስ ክሊኒካዊ ጽንኩርነት ናይቲ ሓማም ሓዊስካ ንህይወት ብኸመይ ከም ዝጸልዎ ይምርኮስ [1] ።

ፈጺጋን ዕንፍሩርን ምንታዕ ወይ ምፍሳስ **ኣይምከርን** [1] ። ዋላ እኳ ቃንዛ ዘታልል እንተኾነ፡ እቲ ፈጺጋ ወይ ዕንፍሩር ብቅልጡፍ ናይ ምምላስ ተኽእሎኡ ልዕሊ 90% እዩ ።

ደረጃ ሕክምና ። እቶም ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ሕክምና ከም ስጉምትታት ክንርእዮም ንኽእል ኢና ። እቶም ዝተሓተ ስጉምትታት ንዝቐለለ ሕማም ዝምልከቱ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ዝለዓሉ ስጉምትታት ድማ ነቶም ከቢድ ሕማም ዘለዎም ይምልከቱ ።

1ይ ደረጃ፡ ኣብ ከባቢ ፈጺጋ ዝግበር ሕክምና

- ኣብ እዋኑ ዝወሰድ ጸረ-ረኽሲ
- ጸረ-ባክተርያዊ ክንክን ጽሬት

2ይ ደረጃ፡ ጸረ-ረኽሲን መጥባሕትን

- ጸረ-ረኽሲ ክኢና
- ኣገባባት መጥባሕቲ (ንኣብነት ምእላይ መንደቕ ቆርበት ወይ ጨረርታ ካርቦንዲኦክሳይድ)።

3ይ ደረጃ፡ ኢሚዩኖሞዱላቶሪ ሕክምና

- መርፍእ ኣዳሊሙማብ (ባዮሎጂካዊ መድሃኒት)።

ብዛዕባ ሕክምና ኤች ኤስ ዝያዳ ኣብዚ ኣንብቡ (ብቋንቋ ኖርወይ) ።

ምስ ኤች.ኤስ ምንብር

መብዛሕትኦም ምስ ኤች ኤስ ዝነብሩ ሰባት ፍልጠትን ርድኢትን ናይ እቲ ሕማም ምርካብ፡ ነቲ ምስ ሕዱር ሕማም ምህላው ክተሓሓዝ ዝኽእል ስነ-ኣእምሮኣዊ ጽር ንምግጣም ቀሊል ይኾኑ ። ብዛዕባ እቲ ሕማም ብግልጺ ክትዛረብን ካብቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ደገፍ ክትሓትትን እውን ዝቐለለ እዩ ።

ናይ ስራሕ ዓቕሚን መሰለጥያታትን ኤች ኤስ ናይ ስራሕ ዓቕሚ ክድርት ይኽእል እዩ፡ ገለ ሰባት ድማ ግዜኦም ክይኣኽሉ ካብ ስራሕ ዓለም የቋርጹ ። ይኹን እምበር መብዛሕትኦም ኤች ኤስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ናይ ስራሕ ኩነታት ክሰርሑ ዝኽእሉሉ ኩነታት ንዕኤ ዝምጥን እንተኾይኑ እዩ ። ምምኽንያው ናይቲ ኣስራሒ ሓላፍነት እዩ፣ ምስ ሓኪም ብምምኽኻር ድማ ናይ ስራሕ ቦታኻ ብዝተኻእለ መጠን ምስ ናይ ስራሕ ዓቕምኻ ክሰማማዕ ኣለዎ ።

ናይ ደገፍ መደባት ሕዱር ሕማማት ቆርበት ዘለዎም ሰባት ናይ ቁስሊ ፕላስተር ፣ ንሕክምናዊ ሃለኽቲ ነገራትን ብዘይ ዶክተር ንዝሽየጡ መድሃኒታትን ድጎማ ክረኽቡ ይኽእሉ ። ካብ ሃገራዊ መድብ መድሕን ተመላስ ገንዘብ ንምርኻቡ መጀመርታ ናብቲ መደብ ንኽትኣቱ ክተመልክት ኣለካ፡ እዚ ድማ ብሓኪም ቆርበትካ ክግበር ኣለዎ ።

ብዛዕባ መሰላትኩምን ናይ ምምላስ ኣማራጺታትኩምን ዝያዳ ኣብዚ ኣንብቡ !

ከም ሕዱር ሕማም ዘለዎ ሰብ መጠን ብዛዕባ መሰላትካ ሕቶታት ኣለካ ድዩ? ናብ መስመር ቴሌፎን መሰላት ኤፍ.ኤፍ.ኦ. 23 90 51 55 ተወከስ።

Psoriasis- og eksemforbundet
Postboks 6547 Etterstad, 0606 Oslo
Besøksadresse: Borgenveien 66, 0373 OSLO

Personvern | Meld deg på nyhetsbrev

Vi har telefontid alle hverdager kl. 09 -15
Telefon: 23 37 62 40
E-post: post@pefnorge.no

Psoriasis- og eksemforbundet ung er en interesseorganisasjon for barn og unge med psoriasis, atopisk eksem, andre hudsykdommer og psoriasisartritt.